# መርሆ

1 ጥሪ 2010 2ይ ዓመት ቁ.13

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ፕሮፓጋንዳን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝዳሎ ወርሓዊ ጋዜጣ

## መርሆ

ብባህርን ምስልን ንክልተ ግን ከኣ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ኩነት ክጣመሩ ንዝግብኦም ባእታታት ብማዕረ ዝውክል፡ ማንታ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ወይ ቃል’ዩ፡፡

ካብ ድቕድቕ ጸላም። ካብ ዓሚቕ ባዓቲ ወይ’ውን ካብ መሪር መግዛእታዊ ኣርዑት ሓራ ንምውጻእ ዘገልግል፡ መዋጽኦ ወይ’ውን ባብ ራህዋ ክህሉ ግድን’ዩ፡፡ እዚ ባብ’ዚ ካብ ጭንቅን ሕሰምን ዘናግፍ መስተርሆ ናይ’ቲ ኣደራዕ ብምዃኑ፡ እቲ ባብ መርሆ’ዩ፡፡

ናብ’ቲ ክትበጽሖ እትብህጎ ባብ። ጫፍ ዓወት ንምብጻሕ፡ ንጊዚያዊ ግድላት ካብ እምኒ-ዓረ ብዝተረረ ጽንዓት። ውፉይነትን ቅሩብነትን ምብልሓት ዝሓትት’ዩ፡፡ ምንጪ ናይ’ዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ፡ ብንጹር ራእይን እስትራቴጂን ዝግራሕ ቅኑዕ መስመር ምዕታር ድማ የድሊ፡፡ እዚ ቅኑዕ መስመር’ዚ መንገዲ ዓወት’ዩ፡፡ ነዚ መንገዲ ዓወት ዝቅልስ ከኣ መርሆ’ዩ፡፡

መርሆ ወርሓዊ ጋዜጣ፡ ኣብ ኣገደስቲ ፍጻሜታት። ኣብ እዋናዊ ዛዕባታት፡ ፖለቲካዊ መርገጻት ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝቃልሓላ፡ ከም ውድብ ንዝተበገስናሉ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንምዕዋት፡ ውድባዊ ፖለቲካዊ ኣማራጺ እትእምት፡ መንገዲ ሓቀኛ ዓወት ብምምራሕ፡ ብመንፈስን ተልእኾን ነቲ ዝተሰመየትሉ ዓሚቕ ትርጉምን ረዚን ዕላማን ብብቕዓት ንምፍጻም፡ ኣብ መስርዕ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝካይድ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኣ ንክተበርክት ዝተሰለፈት፡ መርሆ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታትና’ያ፡፡

ቤት ጽሕፈት ዜናን ፕሮፓጋንዳን
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ
ሰደግኤ

# ትሕዝቶ


- **ርእሰ ዓንቀጽ**
  ሰናይ ትምኒት! ....................................................................................2
- **ኣብ ሓድሽ ዓመት፡**
  ብሓቂ ዝትግበር መብጽዓ ንእቶ……………………………………………..........2
- **ተስፋ ዝህብ ናይ ቃልሲ ፍሕሕታ** …………………………………….................5
- **ደምዳሚ መግለጺ**
  2ይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ሰደግኤ…………………………………………7
- እዋናዊ ዜናታት………………………………………………………………8


E-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

## ርእሰ-ዓንቀጽ፡

# ሰናይ ትምኒት፡

ዝሓለፈ ዓመት 2009 ተጠቒሊሉ፡ ሓድሽ ዓመት 2010 ንረግጽ ኣሎና፡፡ ዓመት 2009 ተወዲኡ ኣብ ምጅማር ሓድሽ ዓመት መግለጺ ትስፉው መጻኢ ዝኾኑ መብጻዓታት ምእታው ድማ ዝተለመደ እዩ፡፡ ብደረጃ መንግስታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝረኸቡዎ ትምህርቲ: ዓወታት ይኹን ውድቀታት መዚኖም፡ ኣብ ዝመጽእ ሓድሽ ዓመት ክፍጽሙዎም ዝትልሙዎም መደባት ንህዝቦም ዝሕብሩሉ እዋን እዩ ክበሃል ይከኣል፡፡ ህዝብታት ኤርትራ'ውን ድሕሪ መሪር ነጻነታዊ ተጋድሎኦም ነጻን ልኣላዊትን ሃገር ምስ ኣውሓሱ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ፖሎቲካዊ ስልጣን ሃገር ከም ዝዓተረ መንግስቲ መጠን፡ ሓድሽ ዓመት መጸ ይኹን ንዓበይቲ ሃገራዊ በዓላት ኣሳቢቡ፡ ዘይትግበሩ ኩምራ መብጻዓታት ምድርዳር ከም ፋሽን ሒዙዎ ጸኒሑ እዩ፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ በብዓመቱ ዝቐርቡሎም፡ ከም ኣልማዝ ዘብረቕርቑ መብጻዓታት እናጎምጀዉዎም፡ ግን ድማ ኣብ ናብርኦም ጥር ትብል ትጠቅም ረብሓ ከይረኸቡ ዓመታት ኣሕሊፎም እዮም፡፡ ሎሚ-ሎሚ ግን መብጻዓታት ኢሳይያስ ዒፍ ኢሉ ሰልቺዩዎምስ፡ ኣብ ሚድያታት እቲ ስርዓት እምነት ስኢኖም፡ ክፍንፍኑወን ዝኾነሉ ጊዜ ኢና በጺሕና ዘሎና፡፡

ብርግጽ ሓድሽ ዓመት መጸ ካብ ዝሓለፈ ኩነታት፡ ኩሉ እንትናኻ ገምጊምካ ካብ ውድቀታትካ ተማሂርካ፡ ንመጻኢ እትዓሞም ዕማማት መብጻዓ ምእታው ነውሪ ኣይኮነን፡፡ ግን ድማ ሎሚ፡ ንህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ወረቐት ተቐሊሞም ነቒጾም ዝተርፉ መብጻዓታት ኣየብግህዎምን እዮም፡፡ እንታይ ደኣ እንተኢልና፡ ካብ'ዚ ወዲቖሞ ዘለዉ ኣዝዩ ዘሰክፍ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ቅልውላው ኣገላጊሉ፡ ብመንገዲ ሰላም፣ ዕብየት፣ ፍትሒ፣ ዲሞክራስን ቁጠባዊ ግስጋሰን ክምርሑ ዘኽእሎም፡ ናይ ተዓዋታይነት መብጻዓ እዮም ዝናፍቑ ዘለዉ። እዚ መብጻዓ'ዚ ድማ ብህሉው ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርና ብሓፈሻ፡ ብደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ድማ ብፍላይ ክእቶ ዝጥለብ ክቡር ናይ ቃልስን ተዓዋትነትን መብጻዓ እዩ።

ኣብ'ዚ መወዳእታ ዓመት 2009 ዝተጋብአ ቀዳማይ ጉባኤ ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራን፡ ፈላሚ ኣኼባ ጊዝያዊ መሪሕነት ሆደ ሙርቋ ብሊንን፡ ነዚ ኣብ ሓድሽ ዓመት ንክትግበር ዝእቶ ዘሎ ህዝባዊ መብጻዓ፡ ኣካሉ ኮይኖም ኣብ ምዕዋት ድልየታትን ትጽቢታትን ህዝብታትና ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ትጽቢት ይግበረሎም። ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት'ዚ ህዝብታትና፡ ጥሒሎሞ ካብ ዘለዉ ሕሰም ንምውጻእ እንኣትዎም መብጻዓታት፡ ብዝተፈላለዩ መሰናኽላት ዝተኸቡ፡ ዝተሓላለኹ መጻወድያታት ጸላእን ተጻባእትን ሰጊርካ ዝትግበሩ ብምዃኖም፡ ብንጹር ናይ ቃልሲ ራእይ ተመሪሕና፡ ንዓወታትና ብግቡእ እናዓቀብና፡ ዘጋጥሙና ውድቀታት ብግቡእ እናገምገምና ብተወፋይነትን ብጽንዓትን ብምቅላስ ዝትግበሩ ምዃኖም ምቕባል ከድልየና እዩ። ውድብና ሰደግኤ፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት'ዚ ንህዝብታትናን ተቓለስቲ ደቁን ሰናይ ትምኒቱ እናገለጸ፡ ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ ዓመት ናይ ገስጋስን ለውጥን ዓመት ክኾነልና ብዓቕሙ ከምዝቃለስ ቃል ብምእታው እዩ።

# ኣብ ሓድሽ ዓመት፡
# ብሓቂ ዝትግበር መብጻዓ ንእቶ፡

ዓመት 2009 ሓሊፉ ኣብ ሓድሽ ዓመት፡ ብደረጃ ውልቀ-ሰብን ስድራን ብደረጃ ሃገር ድማ መንግስታት ዝተፈላለዩ መብጻዓታት ክኣትዉ ምስማዕ ዳርጋ ዝተለመደ እዩ ምባል ይከኣል። ቃል ዝተኣተወ ናይ ሓድሽ ዓመት መብጻዓ፡ ኣብ ተግባር ንምውዓል ድማ፡ ክንዲ ርዝነት ናይ'ቲ መብጻዓ፡ ቅንዕና፣ ዕቱብነትን ተወፋይነትን ምሕታቱ ዘይተርፍ እዩ፡፡ ኣብ ህዝብታትና ንዝኣተኻዮ መብጽዓ ምትግባር ከም ባህሊ ተታሒዙ ዝመጸ ዉርዙይ መለለዪ ሕብረተ-ሰብና ምዃኑ ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን። ኣብ ዝኣተኻዮ መብጽዓ ዘይምርካብ ድማ ይቕረ ዘይበሃሎ ጥልመት ምዃኑ ዘተሓታትት ኣይኮነን።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ካብ ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ሰናይ መብጻዓ ዘይኮነስ፡ ዝኸፍአ ናይ ሞት፣ ስደትን ጥሜትን ድግስ ክቐርበሎም እዩ ዓመታት ሓሊፉ፡፡ ስለዝኾነ ድማ እዮም ነዚ ጸሊም ታሪኽ'ዚ ብምቕያር፡ ብልኣላውነቶም ዝኾርዑን፡ ሓድሽ ዘመን መጺ፡ ናይ ሰላም፣ ራህዋን ምዕባለን ናይ ጽጋብን ሽሻይን ዘበን፡ ክኾነሎም ዘይሕለል ነጻነታዊ ተጋድሎ ዘካየዱን ማእለያ ዘይብሉ ከቢድን መሪርን ዋጋ መስዋእቲ ዝኸፈሉ። ድሕሪ ሰላሳ ዓመታት ድማ ኣኽሊል ነጻነቶም ዝለበሱ።

ኣብ ነጻ ኤርትራ፡ እቲ በብዓመቱ ዝድገሰሎም ዝነበረ ናይ ስደት፣ ብርሰት፡ ሞትን....ወዘተ ታሪኽ ተቐይሩ፡ በብዓመቱ ናይ ሰላም፣ ምዕባለ፣ ደሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ግስጋሰን ኣብ ስኒት ፍቕርን ዝተሰረተ ምዉቕ ሕውነታዊ መነባብሮ እናስተማቐሩ ንቕድሚት ክምርሹ ብምትስፋው እዩ። ናይ ብሓቂ ድማ ብመጠን ዘካየዱዎ ነዊሕን መሪርን ተጋድሎን ዝኸፈሉዎ ከቢድ ዋጋ መንጽር፡ ዝመጣጠኖም'ምበር በዚሑዎም ዝበሃል ኣይኮነን። እንተኾነ ግን እቲ ካብ ውሽጢ ማህጸኖም ዝተወልደ፣ ብኦኦም ተዓንጊሉ ዓብዩ ዝገበለ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ሃገር ዝበቐዐ መሪሕነት ህ.ግ.(ህግደፍ) ሃገር ናይ ምምሕዳር ስልጣን ንምርካብ ካብ ዝተዳለወላ ዕለት ጀሚሩ ብኣዝዮም መሰጥትን ዘብለጭልጩ መብጻዓታት ምድርዳር፡ መወዳድርቲ ኣይርከቦን፡፡ እንተ ኣብ ተግባር ግን፡..........ብዝርዝር ናብ ምርኣዮም ንስገር።

መራሒ ህ.ግ. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ዕለተ ውድቀቱ እናተቓረበ፡ ዝተናውሐ ነጻነታዊ ተጋድሎና ድማ ኣብ ምዝዛም ኣብ ድሮ ሓርነት፡ ምስ ድምጺ ሓፋሽ ዘካየዶ ቃለ መሕትት እዚ ዝስዕብ፡ ኣዝዩ ተባሂጊ፡ ነቶም ኣብ ዝተናውሐ

*ተጋድሎና ከቢድ ናይ ሂወት፣ ጉልበትን ሃብትን መስዋእቲ ዝኸፈሉ ህዝብታትና፡ ጉቡእ ኣቓልቦ ከምዝወሃቦም ዝኣመተ፡ ብወርቃዊ ቃላት ዝተጎልበበ መብጻዓ ሃበ። ክንጠቅሶ፡- "<u>መጻኢት ኤርትራ ሚልዮን ዝኸፈለን እንቋቑሖ ዘበርከተን ብማዕረ ዝነብረላ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን እያ፡፡</u>" ……ወዘተ ዝብል ነበረ።*

*ካብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ኣትሒዙ፡ ብመብለጭለጪቲ ጭርሖታትን መብጻዓታትን ዝፍለጥ ኢሳይያስ፡ ኣብ ዓውደ ተግባር ግን፡ ውዒሎም ሓዲሮም ንስልጣነይ ከነሓንሑኒ እዮም ኢሉ ዝገመቶም ንጹሃት ዲሞክራስያውያንን ሃገራውያንን ተጋደልቲ ብምሕቃቕ ዝፍለጥ፡ ኢሉ-ኢሉ ድማ ንህ.ግ. ከም ጣኦት እተምልኾን ብቃሉ እትዛረብ ውድብ ዝገበረ መላኺ ውልቀሰብ፡ ኣብ ሎሚ በጺሑ እዞም ወርቃዊ መብጻዓታት ምድርዳሩ፡ ከም ኣመሉ "**ዝብኢ ክሳብ ዝደሉ ይሕንክስ**" ናይ ቅጥፈት ተዋስኦ ይዋሳእ ምህላዉ፡ ነቶም ዝፈልጡዎ ንሓንቲ ካልኢት'ውን ኣይተሰወሮምን።*

*መሪሕነት ህ.ግ. ንነጻነታዊ ተጋድሎና መሪሑ ባዕዳዊ መግዛእቲ ደምሲሱ ፖለቲካዊ ስልጣን ምስ ተቖጻጸረ፡ ሕጋዊ ልኣላውነትና ብመንገዲ ሪፈንደም ክዛዘም ከም ፖሊሲ ምቕባሉ፡ ሃገራዊ ነጻነትና ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለምን ሕቡራት መንግስታትን ዘተኣማምን ተቐባልነት ክረክብ ዘኽእል ቅኑዕ ኣንፈት ኣወጋግና ምኽታሉ ዘጠራጥር ኣይነበረን፡፡ ኣብ ኣተገባብራኡ ግን፡ ካብ ጸረ ዲሞክራስያውን ኣግላልን ባህሪኡ ንስድሪ'ኳ ስጉም ከብል ኣይከኣለን፡፡ መስርሕ ሪፈንደም ብብሕታዊ መሪሕነቱ ከካይዶ ምውሳኑ፡ መቐጸልታ'ቲ ኣብ ጽባሕ ሓርነት ሃገርና ዝኣወጆ "ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይፍቀድን እዩ፣ ብስም ውድባት ምጥቛስ ከም ከቢድ ገበን እዩ ዝቁጸር…" ዝብል እኳ እንተኾነ፡ ተጽዕኖ ሓፋሽ ህዝብታት ንምልስላስ ክብል ካልእ ሸፈጥን መብጻዓን ክኣቱ ኣይተጸገመን፡፡*

*ሕጂ ሪፈረንደም ንምዕዋት ጊዜ ሃቡና'ምበር፡ ሃገራዊ ነጻነትና ምስ ኣውሓስና፡ ቅዋማዊ ስርዓት ክንተክል ኢና፣ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ነጻ ምንቅስቓስ ክንፈቅድ ኢና፣" ብምባል ነይሩ ቀልቢ ህዝብና ዝተቖጻጸረ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ካብ የዋህ ህዝብና፡ እዘን ክልተ ዓመታት ሓጸርቲ እየን፣ ፈለማ ሃገርና ንወንን፣ ድሕሪኡ ተርክቡሉ ኢኹም፣ ጊዜ ሃቡዎ ብምባል ነቶም ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎ ተራ ዝነበሮም፡ ድሕሪ ሓርነት ግን፡ ናብ ዓዲ ከይኣትዉ ከም ጸላእቲ ዝተራእዩ ውድባት ተጽዕኖ ከዕርፍ ተራእየ።*

*ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ በቲ መሪሕነት ህ.ግ. ዝደለዮ ኣንፈት፡ መስርሕ ሪፈንደም ተሰላሲሉ 99.8% እወ ንነጻነት ተዛዚመ፡፡ እንተኾነ ግን መሪሕነት ህ.ግ. ድሕሪ ሪፈንደም ዝኣተዎ መብጻዓ ንምትግባር ኣይኮነን ምድላዋት እናካየደ ጸኒሑ፡፡ ብኣንጻሩ ወታደራውን ጸጥታውን ዓቕሙ ንምድልዳል፡ ኣዋጅ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ቁጠባዊ ሓይሉ ንምጥንኻር ድማ "ኣዋጅ መሕወዪ ግብሪ" ምእዋጅን ንተግባራውነቱ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ኣብ ምክያድ ተጸመደ። ብተወሳኺ ነተን ዝተፈላለዩ ናይ ጸለመ ኣስማት ዝለጠፈለን ሃገራውያን ውድባት ንምሕቃቕ፡  ጽዑቕ ወታደራዊ ወርፍታት ኣካየደ። ገና ንህልውናን ምንቅስቓስን ሰልፍታት ዝውስን ቅዋምን ሕግን ከይጸደቐ እንከሎ፡ ባዕሉ ኢሳይያስ፡ "**ትሕቲ ሃገራውያንን ናይ ግዳም መሳርሒ ዝኾና ውድባትን፡ ክንቀሳቐሳ ኣይንፈቅድን ኢና**" ብምባል፡ ንዘይደለየን ውድባት ከሳጉግ ዘኽእሎ፡ እቲ ዝለመዶ በሓቲ መርገጺኡ ተኾልኪሉ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ብዘይ ዝኾነ ተወዳዳሪ ንበይኑ ሒዙ፡ ከምዝገዝእ ብተግባር ኣረጋገጸ። ኣብ ድሮን ጽባሕን መስርሕ ሪፈንደም ዝተረጋገጸ ሓቂ እንተሃለወ፡ ስርዓት ኢሳይያስ መብጻዓን ጥልመትን ዘይፈላለያ መለለዪ ሕላገቱ ምዃነን እዩ።*

*እነሆ ድማ ኣብ'ዘን ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነትና ሓሊፍናየን ዘሎና ዓመታት፡ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ኣብተን ንበይኑ ጥራሕ ዝገበተን ሃገራዊ ናይ ዜና ትካላት እናቐረበ፡ ንመጻኢ ዕድል ህዝብታትና ዝውስኑ ዝተፈላለዩ መብጻዓታት ክህብን፡ ካብ ንጻባሒታ ጀሚሩ ድማ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ምሕያል ሓኒኑ እናነጠፈ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና በሰልኦም ብቐሊሉ ክሓዊ ዘይክእል ጥልመትን ክሕደትን እናፈጸመ መጺኡ ኣሎ።*

*ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ከም መብጽዕኡ፡ ኤርትራ ብቅዋም እትምራሕ ሃገር ክትከውን ኣየብቅዓን። እኳ ደኣስ እቲ ንስሙ ብሙሁራትን ፈላጣትን ረቒቑ፡ ህዝቢ ነጻ ምምይጥ ኣካይዱሉ፡ ብህግደፋዊ ካድራትን መራሕትን ዝቖመ ሃገራዊ ባይቶ ጸዲቑ ተባሂሉ ዝተኣወጀ ቅዋም፡ ብውሳኔ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ደስኪሉ፡ ኣብ ከብሒ ተዓሺጉ ጠቐር ለቢሱ ኣሎ።*

*ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ መጻኢት ኤርትራ ሚልዮን ዝኸፈለን እንቋቑሖ ዘበርከተን ማዕረ ዝነበረላ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን እያ ኢሉ ተመባጺዑ ነበረ፡፡ እቲ ሓቂ ድማ ብኣንጻሩ ኮይኑ፡፡ ሎሚ ኤርትራ በዓል ሚልዮን ቅርሺ ዓዱ ኣትዩ ሃፍቱ ኣፍሲሱ ንባዕሉ ተጠቒሙ ሃገሩ ዝጠቕመላ ዘይኮነስ፡ ብትካላት ህግደፍ ተወሪሩ ጠፊሹ ኢዱን እግሩን ኣኪቡ ተኾርምዩ ዝነብረላ፡ ወይ ድማ ሃጽ ኢሉ፡ ጎረባብቲ ዓዲ ሃገር እናልመዐ ሂወቱ ክመርሕ ዝተቐሰበላ ሃገር እያ፡፡ እቲ እንቋቑሖ ዝኸፈለ ህዝቢ ድማ፡ ጸጊሙና ፍታሕ ሃቡና ኢሉ ስለዝጠርዐ፡ ብርእሰ ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ "**ሰንበት ሰንበት ናብ ገዛውትኹም እናመጻና በጊዕ ዘይሓረድናልኩም ወይ ድማ በርሚል ላምባ ዘይቀረብናልኩም ዲኹም ደሊኹም?**" ዝብል ናይ ኣሽካዕላልን ላግጽን መልሲ ዝወሃበላ ሃገር ኮይናላ፡፡ እዚ ከይኣክሎ ሎሚ እቲ ዝኸፍአ፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወቱ ኣንቆልቊሉ ዘድልዮ ሃለኽቲ ኣቑሑን እኽልን ኣብ ዕዳጋ ስኢኑ፡ ባኒ ብኩቦን ንምርካብ ለይቲ ብቑሪ እናተሓንዘፈ ኣብ መስርዕ ዝሓድረላ፡ ከብዱ ብጥሙዩ፡ "**እዚ ሕንቓቐ እዩ**" እናተባሃለ ዝጽረፈላ፡ ማእሰርቲ፣ ዓፈና፣ ዘስካሕክሕ ሞትን ምዝንባልን ዝሰፈና፡ ሓደ ውልቀ-ሰብን ጉጅለኡን ገበርትን ሓደግትን ዝኾኑላ፡ ካብ ጎረባብቲ ሃገራትን ማሕበረሰብ ዓለምን ዝተነጸለት ሲኦል ሃገር ኮይና ኣላ።*

*ኤርትራ ከም'ቲ ርእሰ ፋሽስቲ ኢሳይያስን ዕሱባቱን ደጋጊሞም ዝብሉዎ፡ ኣብ ዓለም እታ ዝሓሸ ሰላምን ምርግጋእን ዝሰፈና ሃገር ዘይኮነትስ፡ ሓለፍቲ ሰራዊትን ሃገራዊ ድሕነትን ከምኡ'ውን ላዕለዎት ሲቪል ሰበ-ስልጣናት፡ ዝዳንዮም ሕጊ ዘይብሎም፡ ከምዝደለዩዎ ዝዕንድሩላ፣ ምስ ጎረባብታ እናሓለፈት እትናኸስ፡ ብማሕበረ-ሰብ ዓለም ንጹላትን ጥርጡራትን ምስ ዝኾኑ*

መንግስታት ብምሽራኽ፡ ዞባና ሰላምን ምርግጋእን ከይሰፍኖ፡ ከይሰልከዩ ንዕግርግርን ህውከትን ዝወፍሩ ዕሉላት ውልቀ-ሰባት ላዕለዋይ ኢድ ዝሓዙላ ሃገር እያ፡፡ ኤርትራ ሰላሞም ዝተዘርገን ናይ ምንባር ውሕስነት ዝሰኣኑ ህዝብታታ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ሓይላ ድማ ብፍላይ፡ ዓዱ እናራሕረሐ ናብ ስደት ሃጽ ኢሉ ዝጠፍኣላ ዘሎ ሃገር እያ። ውልዶ ሃገር ኤርትራ ምስ በዝሒ ህዝብታታ ዘይመጣጠን ግዚፍ ጊላዊ ሰራዊት ዝሃነጸት፡ ብኣዝዩ ጨካን ወታደራዊ ሕግታት ሸቐጥቐጥ ኢላ እናተሰሓገት ትነብር ዘላ ሃገር እያ፡፡ ኮታስ ኢሳይያስ ዝመርሓ ኤርትራ ብኹሉ መለክዒታት ንኢሳይያስን እሙናት መሳርሒኡን፡ ብምቾት "ጥዑም" ሂወት ዝነብሩላ፡ ንኣብዝሓ ህዝብታታ ግን እትባላዕ ገሃነም እሳት ኮይና ዘላ ሃገር እያ፡፡

ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ዑሱባት ኣገልገልቱን፡ በብእዋኑ ዝህቡዎም መብጻዓታት ዘጋጥሞም ፍሽለታት ንምድብስባስ ዝሓዙዎ ስልቲ፡ ኣብ ጎረባብትናን ዓለምናን ዘጋጥሙ ናይ ድርቂ ሓደጋታት፣ ውግኣትን ዕንወታቶምን፣ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት፣ ኣብ ምርጫታት ዘጋጥሙ ፍልልያትን ሳዕቤናቶምን ዘትኮረ ሰፊሕ ዜናዊ ወፈራ ምክያድ እዩ፡፡ ዜናዊ ትካል ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር የካይዶም ኣሎኹ ካብ ዝብሎም ልምዓታውን ማሕበራውን ህዝባውን ንጥፈታት ወጻኢ፡ ኣብ ከባቢናን ዓለምናን ዝረኣዩ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ምዕባለታት፡ ንህዝብታትና ከውርያ ማለት ዘበት እዩ፡፡ ከም'ቲ ኢሳይያስ ይኹን ዑሱብ ልኡኹ ሚኒስተር ዜና ዓሊ ዓብዱ ደጋጊሞም "ሚድያ መሳርሒ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ' እዩ፡ ካብኡ ወጻኢ ካልእ ዕማም የብሉን" ከምዝበሉዎ፡ ዓውደ ሚድያ ህግደፍ'ውን ኣብ ደሃይ ውግእ፣ ጥሜት፣ ዓመጻዊ መዳያት፡ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ከባቢናን ዓለምናን ብዘይምስልቻው ብምቅላሕ፡ ሓንጎል ህዝብታት ኤርትራ ካብ ምድንቛር ወጻኢ ካልእ ዕማም የብለንን። "**ዜናዊ ወፍሪ፡ ንሓሶት ከም ሓቂ ከእምን ዝኽእል ሓይሊ ኣሎዎ**" ካብ ዝብል ድሑር ኢሳይያሳዊ ፍልስፍና ተበጊሶም ንዝፈጸሙዎ ተደጋጋሚ ጥልመትን ዘጋጠሞም ዘሕፍር ውድቀትን ክሽፋፍኑ ላሕ ክብሉ ንምልከቶም ኣሎና።

ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ኣብ ናይ 18 ዓመታት ዕድመ-ስልጣኑ፡ በብእዋኑ እናሰመጠት ናይ ትኸይድ ዘላ መርከብ መራሒ ምዃኑ ብልክዕ እናተፈለጠ እንከሎ፡ መን ፊት-ንፊት ዓገብ በሃሊ ኣሎኒ ካብ ዝብል ቀቢጸ ተስፋዊ መንፈስ ተበጊሱ፡ ኣብ መእተዊ ሓድሽ ዓመት፡ ብመዓር ዝተሸፈኑ ዝኣረጉ መብጻዓታት ንበሎም፡ ዓመታዊ ትልምታት መንግስቱ፡ ኣብ ሚድያ ተጠሊዑ ዓጀውጀው ክብል ቀንዩ እዩ። ኣብ'ዚ ሓድሽ-ዓመት 2010 ዓ.ም. "**ዋላ ኣብ'ቲ ብድርቂ ዝተጠቕዐ ከባቢታት ሃገርና'ውን ጥሜት ዝበሃል ኣይክህሉን እዩ**" ብምባል ዓይኖም ብጨው ተሓጺቦም ምሕሳው ጀሚሮም ኣሎዉ። "....ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት፡ ኤርትራ ብመግቢ ርእሳ ብዘተኣማምን እትኽእል ሃገር ክትከውን እያ። ጥሜት ዝበሃል ነበረ ክኸውን እዩ፡፡ ሕርሻ ካብ ድሑር ኣገባብ ወጺኡ ብዘበናዊ ኣገባብ፡ ብምዕቡላት ዘበናዊ ማሽናት ዘበናዊ ሕርሻታት እነተኣታትወሉ ዓመት ክኸውን እዩ። ኤርትራ ነተን ኣዝየን ምዕቡላት ዝኾና ማሽናት ዘንቀሳቕሱ ኪኢላታት ወኒና ዝጸንሐትን፡ ንመጻኢ ብስፍሓት እናፍረየት ክትከይድ እያ፡፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ናይ ወጻኢ ሸርፊ ዝበሃል ጸገም ፈጺሙ ኣይክህልወናን እዩ...." ብምባል ንሰማዒ የጎምጁ እዩ ዝበሎ መደረታት ኣስሚዑ እዩ። እዚ ልሙድ ተዋስኦን ሽሕጣንን ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ኣብ ምጅማር 2009 ከባቢ ንዝነበረ ተመሳሳሊ መብጽዓታቱ ዳግም ዘዘኻኽር'ዩ፡፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ርእሰ ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ "<u>ስራሕ ሎሚ ራህዋ መጻኢ</u>" ኣብ ትሕቲ ዝብል ብ"**ደው በለለይ ክብለጸልካ**" ስልቲ፡ ኣብ'ዛ ሃገር እቲ ንሃገር ኩሉ እንትናኡ ከይበቐቐ ብኹሉ ዓቕሙ ዘገልገለ ዜጋ፡ ጻምኡ ዝረኽበላ ክትከውን እያ፡፡ እቶም ዝኾነ ይኹን ኣበርክቶ ዘይገበሩ፡ ደቂ ሃገር ኢና፣ መሰልና ክሕለወልና ኣሎዎ ዝብሉ ዝረኽቡዎ ነገር ኣይህሉን፡፡ ነቶም ነዛ ሃገር ከማዕብሉ ለይትን ቀትርን ደኺምና ከይበሉ ዘገልገሉ ግን፡ **ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ድዩ መኣስ ብዘየገድስ፡** ዝግበኦም ሞሳ ክረኽቡ እዮም ብምባል፡ ነቲ ኣብ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ተጸሚዱ፡ ሳንዱቕ ህግደፍን ሰብ ጽሩራ ሓለፍቲ ሰራዊትን ከበርኩት ዕድሚኡ እናብለየ፡ ጻምኡ ብዘይምርካቡ ዘዕዘምዝም ዘሎ ሰራዊት፡ ንምልስላስ ዝዓለመ ናይ ሕልሚ መብጻዓ'ውን ኣትዩ።

ብርግጽ ኣብ ልምዓት ሓንቲ ሃገር ዓቢይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ወገናት፡ ሞሳ ከም ዝግበኦም ዘካትዕ የብሉን፡፡ ግን ከኣ ኢሳይያስ ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ ዓበይቲ መብጻዓታት ኣስሚዑ ዘተግበራ ኣላ ድያ? ንምኳኑ ኸ "ስራሕ ሎሚ ራህዋ መጻኢ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኢሳይያሳዊ ናይ ሽፈጥን ምትላልን ጭርሖ፡ ተጠቃሚ ዝኸውን መን እዩ? እቲ ብጉልበቱን ኣእሙሮኡን ለይትን ቀትርን እናሸቀለ፡ ጁባታት ሓለፍቲ ሰራዊትን፡ ካዝና ህግደፍን ዝመልእ ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ምስ ሰንከለ፡ ዕድሚኡ ምስ ደፍአን ምስ ሞተን መን እዩ ቁሊሕ ዝብሎ? እቶም ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ክልተ፣ ሰለስተ፣ ኣርባዕተን ልዕሊኡን መላምምል ደቖም ሞባእ ሓርነት ዝሃቡ ሽማግለታት ወለዲ፡ እንደገና ኣብ'ቲ ብሰበብ ዶብ ዝወልያ ኵናት መጋርያ ክኾኑ፡ ዝተረፉ ደቆም እናመንጠለ፡ ብዘይ ጠዋርን ቀባርን ክተርፉን ኣብ ባዶ ገዛ ተንዕጺጾም ንሞት ክቃልዑ ገበሮም'ምበር፡ ከም ወለዲ ጀጋኑ ሰማእታት ዝግበኦም ሓልዮት ክህቦም ኣይተራእየን። ስለዚ፡ ሎሚ'ውን እቲ ትማሊ ብመብጻዓን ጥልመትን ዝፍለጥ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ እዩ፡ ቆርበት በጊዕ ተኸዲኑ ሓድሽ መብጻዓ ዝኣቱ ዘሎ፡፡

ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ጸገም ኣይክህልወናን እዩ፡ ኢሉ ኣብ ዝጀሃረሉ ዘሎ እዋን፡ ነቲ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ከቢድ ሕጽረት ናይ ወጻኢ ሸርፊ፡ ንምምላእ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብልኡኻቱ ኣቢሉ "መንግስቲ ሰራዊት ናይ ምጥያስ መደብ ከተግብር እኳ እንተሓሰበ፡ መጣየሲ ዝኸውን ገንዘብ የብሉን፡፡ ስለዚ ሰራዊት መጣየሲ ሓገዝ ለግሱ፡፡ ኣብ ሃገርና ዝኾነ ይኹን በዓል ሃብቲ፡ ገንዘቡ ኣፍሲሱ ትካላት ክተክልን ክንቀሳቐስን ሙሉእ ዕድል ተኸፊቱሉ እዩ፡፡ ስለዚ ሰብ ገንዘብ ዝኾንኩም ዓድኹም ኣቲኹም ስርሑ....ወዘተ፡ እናበሉ ወፈራታት የካይዱ ምህላዎም ይፍለጥ እዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ምስ ሃብታማት መንግስታት ብሓፈሻ፡ ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ሕብረት ኣውሮጳን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ፕሮፖጋንዳዊ ኵናት ተጸሚዱ፡ ከም ሓብሓብን መቀባበልን ኣጽዋር ንኣኽረርቲ እስላማውያን ተቓወምቲ ሶማል ተፈሪጁ፡ ኣብ ልዕሊኡ ማዕቀብ ኣብ ዝተበየነሉ፡ ደገፍቱ ዝኾኑ ናይ ዲያስፖራ ኣባላት ኢዶም ኣብ ዘሕጸሩሉ እዋን፡ "ኣብዚ ዓመት'ዚ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ሕጽረት ኣይክህልወናን እዩ" ምባሉ ከመይ ኢሉ ክእመን ይኽእል። ብርግጽ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡

እሙን ልኡኽን ከዳምን መንግስቲ ኢራንን ካልኦት ጸረ ሰላም ሓይልታት ኮይኑ ይሽቅል ብምህላዉ፡ ዝረኸቦ ሕርንቶ ከምዝህልዎ ዘጠራጥር እኳ እንተዘይኮነ፡ እዚ ህያብ'ዚ ንዓመት ሙሉእ ናይ ኤርትራ ሽርፊ ወጻኢ ዝሽፍን ክኸውን እዩ ኢልካ ምጽባይ የዋህነት እዩ። ስለዝኾነ'ውን ርእሰ ፋሽስቲ ኢሳይያስ ከም ኣመሉ ካብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመታት ዘስመየ ዝነበረ ዘይፍለ፡ ብጥልመት ዝስነን ዝዛዘምን ዘይትግበር መብጽዓ ካብ ምዃን ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር እናተገለጸ ዝመጸ፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 18 ናይ ነጻነት ዓመታት፡ ከም ኣልማዝ ዝደምቁን ኣዝዮም ተባሃግትን መብጽዓታት፡ ካብ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን እናሰምዑ ዝመጹ እዮም፡፡ ዝረኸቡዎ ግብረ-መልሲ ድማ ክሕደትን ጥልመትን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ፡ በብእዋኑ ናብ ዓሚ'ቕ ማሕበረ ቁጠባዊ ቅልውላው እናተሸመሙ፡ ኣብ ልዕሊኦም ሓደጋ ብርሰትን ምብትታትን እናንጸላለወ ክመጽእ ጸኒሑን ኣሎን፡፡ ናይ ሎሚ ሓድሽ ዓመት መብጻዓ ኢሳይያስ ድማ፡ ዕድመ ፖ'ሎቲካዊ ስልጣኑ ዘናውሓሉ ባይታ ዘጣጥሓሉ ኩነታት ካብ ምፍጣር ንላዕሊ፡ ኣብ ነብሲ ወከፍ ጎጆ ኤርትራዊ፡ ጥብ ትብል ረብሓ ዝርከቦ ፈጺሙ ኣይኸውንን፡፡

ኣብ'ዚ ሓድ'ሽ ዓመት'ዚ ህዝብታት ኤርትራ ዝጽበዩዎ መብጽዓ ብሓቂ ዝትግበር መብጻዓ እዩ፡፡ ካብ'ዚ ኣትዩሞ ዘሎዉ ንህልውነኦም ኣብ ሓደጋ ምብትታን ዘሳጥሐ ሃዋሁው ኣገላጊሉ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ቀጻልነቶም ዘውሕስ፡ ዝጭበጥ ናይ ቃልስን ተዓዋትነትን መብጻዓ'ዩ፡፡ ካብ ኣትዩሞ ዘለዉ ዓሚ'ቕ ማሕበረ ቁጠባዊ ውድቀት ኣውጺኡ፡ ናይ መነባብሮ ውሕስነት ዝረኽቡሉን ብሓዲድ ምዕባለ እናተሓንበቡ ንቅድሚት ዝስጉሙሉ ቅኑዕ ራእይ ዘትሕዝ ናይ ሰውራን ሰውራዊ ለውጥን መብጻዓ እዩ። እዚ ድማ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ዘራኸቡዎም ሓባራዊ ዕላማታት ዝተመስረተ ዝምድናታት መስሪቶም፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጻር ዘ'ቕነዐ ተጋድሎ ከካይዱን፡ ኣብ ሞንጎኦም ዘሎ ፍልልያት ድማ ህዝብታትና ኣብ ክሳዶም ዘሎ ህግደፋዊ ናይ ጭቆና ኣርዑት ምስ ለገሰሎምን ቀኒዮም ምስ ከዱን ብዝህቡዎ ብይን ዝውሰን ም'ዃኑ ኣሚኖም፡ ብመንፈስ ምክብባርን ምጽውዋርን ዝቃለሱሉ ቅኑዕ ናይ ቃልሲ ኣንፈት ክኸተሉ ብምብቃዕ ኣቢሉ ዝትግበር እዩ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ'ዚ ሓድ'ሽ ዓመት ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርና ካብ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣትዩዎ ዝጸንሐ ናይ ምንሕናሕ፣ ሕድሕድ ምብልላዕን ምፍንጫልን መስርሕ ወጺኡ፡ ኣብ ሕቶ ሓድነትን ምሕዝነትን፡ ተባዕን ጭቡጥን ለውጢ ዘረጋግጽ፡ ዝትግበር ሕኑን ናይ ቃልስን ተዓዋትነትን መብጻዓ ክኣትዉ ይግባእ። ውድብና ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘሕጽር፡ ናይ ሓድነትን ምሕዝነትን ቅኑዓት ኣንፈታት ንምትግባር ኣብ'ዚ ሓድ'ሽ ዓመት መብጻዓ ይኣቱ።

## ተስፋ ዝህብ ናይ ቃልሲ ፍሕሒታ፡

ኣብ'ዚ ኣጋ-መወዳእታ ዓመት 2009፡ ዝተሰላሰሉ ዕዉታት ኣ'ኼባታትን ጉባኤታትን ዝተኣወጁ መግለጺታት፡ ጥዑም ብስራት ተኸታቲልና፡፡ ኣብ ሃገርና ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ ኣብ እነካይዶ ዘሎና ተጋድሎ፡ ተወሳኺ ሓያል ቅልጽም ዝድርብ ናይ ቃልስና ምዕባለታት ዘበስር ዜና እዩ።

ፋሽሽታዊ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብብሄራውን ብሄረ-ሰባውን ብዙሕነት ዝልለ ህዝብታት ኤርትራ፡ ከቢድ ጥልመት ፈጺሙ፡ "ኣብ ኤርትራ ናይ ቋንቋ ጉጅለታት'ምበር ብሄራት ዝበሃላ የለዋን፤ ብሄራት ዝብል ኣሰያይማ ገዲፍናዮ ኢና" ኢሉ ካብ ዝእውጅ ንደሓር፡ ኩሉ ጻዕርታቱ ህልውነኦም ንምህሳስ ዝዓለመ ወፍሪ ከካይድ ምጽንሑ ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን፡፡ ሎሚ እቶም ኣብ ምርግጋጽ ልኣላውነት ሃገርና ኢድ-ንኢድ ተታሓሒዞም ዝተጋደሉን ዝተዓወቱን ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊኦም መሪር ደርባውን ብሄራውን ጭቆና ወሪዱ፡ ከም ህዝብታት ህልውናኦም ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዝወደቐሉ ዘሕዝን ሁሞት ኢና ንርከብ፡ ፡

ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ህልውና ብሄራት ካብ ምኽሓድ ዝብገስ ፖ'ሊሲኡ፡ ሓድ'ሽ ዞባዊ ስርዓተ ምምሕዳር ብምትእትታው፡ ኢሳይያስ ዝመርሖ ውሱን ጉጅለ፡ ገባርን ሓዳግን ፋሽስታዊ ስርዓት ብምትካል፡ ማዕርነትን መሰልን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ግሂሱ፡ ህልውነኦም ኣብ ሓደጋ ዘውድ'ቕ ኣንፈት ተኸቲሉ እናሰርሐ ጸኒሑ ኣሎ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንብሄራትን ብሄረሰባትን ሃገርና፡ ከባቢኦም ባዕሎም ንባዕሎም ዘመሓድሩሉ ዕድል ነፊጉዎም እዩ፡፡ ኣብ ከባቢኦም ብቛንቋኦም ዝመሓደሩሉን ዝዳነዩሉን ዕድል ሓሪሙዎም፡፡ ብ'ሽም ቛንቋ ኣደ፡ መባእታዊ ትምህርቲ ኣታኣታትየ ዝብል ላግጺ ዘዘውትር እኳ እንተኾነ፡ ትምህርቲ፡- ኣብ ስርዓተ ምምሕዳር ከባቢኦም፡ ኣብ ስርዓተ ፍትሒ፡ ኣብ ምምዕባል ቁጠባዊ ሂወቶምን ማሕበራዊ መነባብሮኦምን ትርጉም ክሳብ ዘይሃለዎ፡ ዕድመቶም ህጻናት ብከንቱ ካብ ምሕሻሽ ሓሊፉ ውጽኢት ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ብተግባር ኣብ ህዝብታት ብሄራትን ብሄረሰባትን ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ክንጸባረ'ቕ ዝጸንሐን ዘሎን ቁጠዐን መረረን መበገሲኡ ድማ እዚ እዩ፡፡

ካብ'ዚ ኣዝዩ ዝኸፍአ ድማ፡ ፋ'ሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ በሓትን ገባትን ቁጠባዊ ፖ'ሊሲኡ ብምብጋስ፡ ህዝብታት ብሄራትን ብሄረሰባትን ዝተመስረቱሉ ቁጠባ እናሃገረ ይኹን ንዕሱባቱ ዝኾኑ ሃብታማት እናዓደለ፡ ካብ መነባብሮኦም ክፈናቐሉ፡ ንስደትን ኣደዳ ከርፋሕ መነባብሮን ክቃልዮም ጸኒሑን ኣሎን። ከም ኣብነት፡- ንህዝቢ ብሄረ ኩናማ፡ ካብ ልሙዕ መሬቱን ዓዱን እናፈናቐለ፡ ንውልቀ ሰብ ሃብቲ ብምዕዳልን፡ ባዕሉ መንግስቲ ህግደፍ ክ'ቕጻጸሮ ብምግባርን ኣደዳ ከርፋሕ ሂወት ስደትን ክሳጥሑ በይኑዎም እዩ። ብተመሳሳሊ ንህዝቢ ብሄረ ዓፋር'ውን ናይ መነባብሮኡ መሰረት ካብ ዝኾነ ምህርቲ ባሕሪ(ጨውን ዓሳን) ተጠቀምቲ ከይኮኑ ብምዕጋት፡ ናይ ማዕዶ ተመልከቲ ክኾኑ ፈሪዱን ንስደትን ከርፋሕ ሂወትን ክቓልዑ ይገብሮም ኣሎ፡፡ እኩብ

*ድምር ውጽኢት ናይ'ዚ መሪር ብሄራዊ ጭቆና፣ ኣድልዎን ከርፋሕ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወትን ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብብሄራዊ መልክዕ ተወዲቦም ኣብ ምቅላስ ጸኒሖምን ኣሎዉን።*

*ካልኦት ህዝብታት ብሄራትን ብሄረሰባትን ሃገርና'ውን፡ ፖሎቲካዊ ማዕርነቶምን መሰሎምን ተነፊጉዎም፡ ኣብ መነባብሮኦምን ሃይማኖታዊ እምነቶምን ሕሱም ወጽዓ፣ ማእሰርቲ፣ ቅንጸላን፡ ጠቕሊልካ ምስዋርን ክወርዶም ጸኒሑን ኣሎን፡፡ ንኣብነት ካብ ህዝቢ ብሄረ ሳሆ፡ ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እምነቱ፡ ንመራሕቲ ሃይማኖቱን ንጹሃት ደቁን ብስርዓት ኢሳይያስ፡ በብእዋኑ ከም ተሓባበርቲ ጀሃድ እናተጠቀኑ፡ ብለይቲ ካብ ገዝኦም እናተጨወዩ ዕልምልሞም ዝዓረቡን ኣብ ኣፍ-ደጊኦም ብኣባላት ድሕንነት ዝተቐንጸሉን ብርክት ዝበሉ እዮም፡፡ ህዝቢ ብሄረ ብሌን'ውን ካብ'ዚ ኣደራዕ ዝተፈለየ ሂወት ከም ዘይጸንሖ ባዕሉ እቲ ግዳይ ናይ'ዚ ሕሰም ዝኾነ ህዝብና ኣፍ ኣውጺኡ ዓው ኢሉ ከእውየሉ ጸኒሑ እዩ። ካልኦት ህዝብታት ውጹዓት ብሄራትን ብሄረሰባትን ሃገርና'ውን ዕጨኦም ተመሳሳሊ ኮይኑ ምጽንሑን ምህላዉን ዝተሰወረ ኣይኮነን።*

*ውጹዕ ህዝቢ ትግርኛ፡ ካብ ካልኦት ብሄራትን ብሄረ ሰባትን ሃገርና ዝፈልዮ እንተሃልዩ ብዝወርዶ ዘሎ መልክዕ ወጽዓ እዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ሃኒጹዎ ዘሎ ስርዓት፡ ካብ ብሄረ ትግርኛ ዝወጹ፡ ናይ ኣዝዮም ውሑዳት ደቂ ትግርኛ ዓብላልነት፡ ገባሪ ሓዳግን ስልጣን ዝተኸለ ብምዃኑ፡ ብቛንቁኡን ባህሉን ዝግለጽ ውጽዓ እኳ እንተዘይሃለዎ፡ ከም ህዝቢ መወዳድርቲ ዘይብሎም ፋሽስታዊ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊኡ ይወርዱዎ ምህላዎም ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ፡፡ ህዝቢ ብሄረ ትግርኛ፡ ብስርዓት ኢሳይያስ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቱ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ዝተዓፈነ እዩ፡፡ ብዓሰርተታ ኣሽሓት ውጹዓት ደቂ ህዝቢ ብሄረ ትግርኛ፡ ተቓወምቲ ስርዓት ህግደፍ ተባሂሎም ብዘይ ፍትሕን ፍርድን ኣብ ዝተፈላለዩ ጋህስታት ተቐቢሮም፡፡ ኣብ ጎዳጉዲ፡ ኮንተይነራትን ቆላታትን ኩርንኩሪት ተኣሲሮም ዘስካሕክሕ ስቓይ ኣብ ምሕላፍ ይርከቡ፡፡ ብዓሰርተታት ኣሕሽሓት በብእዋኑ ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እናተጓሕፉ ናይ ውሑዳት ሰብ ጽሩራ፡ ጊሎትን ከደምትን ኮይኖም ይነብሩ ኣሎዉ። ኣብ ዝፈትዉዋ ዓዶም ናይ ምንባር ውሕስነት ስኢኖምላ በብእዋኑ ናብ ፎቖዶ ጎረባብቲ ሃገራት ክስደዱን ከርፋሕ ሂወት ከሕልፉን ተገዲዶም ኣሎዉ፡፡ ዝርካቡ ዝለመዐ መሬቶም ብፋሽስታዊ መንግስቲ ህግደፍ እናተመንጠሉ ካብ ዓዶም በብእዋኑ እናተፈናቐሉ ናብ ከባቢታት ጋሽ ባርካ ብሓይሊ ክግዕዙን ኣደዳ ጥሜት፣ ሕማም፣ ሞትን ዳግማይ ስደትን ይኾኑ ምህላዎም ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ብኣጠቓላሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ልዕልነት ውሱን ጉጅለ ብሄረ ትግርኛ ዘረጋገጸ ብምዃኑ፡ ንኣብዝሓ ህዝቢ ብሄረ ትግርኛ ካብ'ቲ ካልእ ውጹዕ ህዝቢ ብሄራትና ጥብ ትብል ሓለፋ ጥቕሚ ዝረኸበ ከምዘይኮነ ጽኑዕ እምነት ውድብና ሰደግኤ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ውጹዕ ህዝቢ ብሄረ ትግርኛ፡ ምእንቲ ደርባዊ ሓርነቱ፡ ብሕብረ-ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ተጠርኒፉ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ቅድመ ግንባር ኮይኑ ክቃለስን፡ ምስ ካልኦት ውጹዓት ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ፡ ኣብ ህዝባዊት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብማዕርነት ሓቢሩ ክነብር ዝብህግ ህዝቢ እዩ። በዚ ምኽንያት ውጹዕ ህዝቢ ትግርኛ ጽኑዕ ደርባዊ መሓዛ ውጹዓት ብሄራትን ብሄረሰባትን ሃገርና ምዃኑ ነቕ ዘይብል እምነት ውድብና ሰደግኤ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት እዩ ውድብና ሰደግኤ ህዝቢ ብሄረ-ትግርኛ ከም ቀንዲ ሕብረተሰብኣዊ መሰረቱ ገይሩ፡ ንምዕዋት ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታት ህዝብታትና፡ ብሕብረ-ብሄራዊ መልክዕ ምውዳቡ ቅኑዕ ምዃኑ ብመትከል ኣሚኑ፡ ብዘይምሕላል ክቃለስ ዝጸንሐን ዘሎን፡ ንቕድሚት'ውን በዚ እምነት'ዚ ተመሪሑ ዝቕጽልን።*

*መሪር ጭቆና፣ ኣድልዎን ዓፈናን፡ ውዒሉ ሓዲሩ ቃልሲ ምውላዱ ዘይተርፎ ምዃኑ ግድነታዊ ሓቂ እዩ። ህዝብታት ብሄራት ሳሆን ብሌንን ድማ ካብ'ዚ ዘስካሕክሕ ወጽዓ'ዚ ንሓዋሩ ክናገፉ ዝተፈላለዩ ተበግሶታት ከወስዱ ምጽነሖም ሓቂ እዩ። እንተኾነ ግን ብፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብሄራዊ መልክዕ ውደባኦም ኣድማዕነት ከይህልዎ፡ ከበድቲ ብደሆታት ከጋጥሙዎም ምጽናሖም በብእዋኑ ክንከታተሎ ጸኒሕና ኢና።*

*ኣብ'ዞም ብሄራት'ዚኦም ዘሎ ቀቢላውን ዓሌታውን ኣከዋውና፡ ኣብ ካልኦት ብሄራትና ዝነበረን ዘሎን እኳ እንተኾነ፡ እዞም ህዝብታት'ዚኦም ብብሄራዊ መልክዕ ተወዲቦም ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ምእንቲ ብሄራዊ መሰሎም ከይቃለሱ፡ ካብኦም ዝተፈጠሩ፡ ኣብ ሕሉፍ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ተጋድሎና ዝለዓለ ጽፍሒ ሒዞም ክመርሑ ዝጸንሑን፡ ሎሚ'ውን ኣብ ሕብረ-ብሄራዊ ውድባት ተመሳሳሊ ቦታ ሒዞም ዘለዉ መራሕቲ፡ ኣብ ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ካብ ዘለዎም ተጻራሪ መርገጽ እናተበገሱ፡ ብሕቡእን ብቕሉዕን ዕንቅፋታት ከውርዱሎም ምጽነሖም ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ንመጻኢ'ውን እንተኾነ ዓንቃፊ ተራኦም ደው ከብሉ እዮም ኢልካ ዝሕሰቡ ኣይኮኑን፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣብ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባት ኤርትራ ብዙሕነታዊ ኣከዋውናን ናይ ባዕላቶም ዕድል ባዕላቶም ንምውሳን ዘለዎም ዘይሽራረፍ መሰል ቅኑዕ መትከላዊ መርገጺ ዝወነኑ ብዘይምዃኖም እዮም።*

*ደቂ ህዝብታት ብሄራት ሳሆን ብሌንን እምበኣር'ዮም ድሕሪ ክንደይ ዓቐብ ቁልቁልን፡ ከቢድ ዋጋ ብምኽፋልን ንብሄራዊ መሰሎምን ማዕርነቶምን ክቃለሱ ዘብቅዖም ብሄራዊ ውደባኦም ኣብ ምቛም ዝርከቡ ዘለዉ፡፡ ናይ'ዚ ክውንነት'ዚ ጭቡጥ መረጋገጺ ድማ'ዩ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ደቂ ህዝቢ ብሄረ ሳሆ ዝጠርነፈ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ(ብዲግሓሳኤ) ተሰላሲሉ ብዓወት ምዝዛሙ ዝተበሰርና። ብተወሳኺ ጊዝያዊ ሽማግለ፡ ሆደ ሙርቋ ብሌን (ምንቅስቓስ ብሄረ ብሊን) ቆይሙ፡ ናይ ባዕሉ ብሄራዊ ውድብ መስሪቱ፡ ምስ ካልኦት ውጹዓት ብሄራትን ውድባቶምን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዙ፡ ንብሄራዊ መሰልን ማዕርነትን ህዝቢ ብሄረ ብሌን ክቃለስ ቆሪጹ ተበጊሱ ምህላዉ ዘፍለጠ፡፡ እዚ ህዝባዊ ናይ ቃልሲ ምልዕዓል'ዚ ሎሚ'ውን ኣብ ቅድሚኡ ከበድቲ ብደሆታትን መሰናኽላትን ከጋጥሙዎ ከምዝኽእሉ ኣብ ጸብጻብ ዝኣቱ ኮይኑ፡ ከም ቅኑዕ ተበግሶ ክድገፍን ክተባብዕን ዘለዎ ምዃኑ ጽኑዕ እምነት ውድብና ሰደግኤ እዩ።*

ውድብና ሰደግኤ ካብ ወጋሕትኡ፡ ኣብ ሃገርና ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተፈላለዩ መልክዕ ደርባዊ ወጽዓታት ምህላዎም፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ መልክዕ ወጽዓታት ድማ፡ ብሄራዊ ኣድልዎን ጭቆናን ምዃኑ ብምእማን፡ ውጹዓት ብሄራትን ብሄረሰባት ሃገርና፡ ምእንቲ ብሄራውን ደርባውን ሓርነቶም፡ ብብሄራዊ መልክዕ ውደባ ክቃለሱ ከም ዝኽእሉ ኣሚኑ፡ ዝዓቕሙ ምድግጋፍ እናገበረ ዝጸንሐን ዘሎን እዩ፡፡ ውድብና ሰደግኤ፡ ሎሚ'ውን ምስ ብዲግሓሳኤን ጊዝያዊ ሽማግለ ሆደ ሙርቂ ብሌንን፡ ኣብ'ቲ ምእንቲ ብሄራዊ መሰሎምን ማዕርነቶም ዘካይዱዎ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ምድግጋፍ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዘራኸቡዎ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታት፡ ኣብ ሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ግንባር ተጠርኒፉ፡ ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባት መሰል ርእሰ-ውሳኔ ዝኽበረላ፡ ኣብ ሓቀኛ ፍቶታዊ ዲሞክራስያዊ ሓድነትን ማዕርነትን ዝተመስረተት፡ ምዩቕ ዘይንብለላ ዲሞክራስያዊ ኤርትራ ንምህናጽ፡ ብሓባር ክቃለስ ከም ወትሩ ድሉው ምህላዉ የረጋግጽ፡፡ ኣብ'ዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ ዓመት፡ ሓቀኛ ምጥርናፍ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝረጋገጸሉ ሰናይ ናይ ቃልስን ለውጥን ዓመት ክኾነልና ድማ ልባዊ ትምኒቱ ይገልጽ።

**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ** الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

## ደምዳሚ መግለጺ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ፡ ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)።

ማ/ሽማግለ ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ጭቡጥ ውድባዊ ዓቕምታቱን ህልው ኩነታቱን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ካብ 04 ክሳብ 10 ታሕሳስ 2009. 2ይ-ስሩዕ ኣኼባኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ።

ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ኣብ ናይ ሸውዓተ መዓልታት ውዕሎኡ፡ ብፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ዝቐረበሉ ኩለ-መዳያዊ ጸብጻብ ብዕምቆት ገምጊሙ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ። ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ዓለማዊ፣ ዞባውን ከባብያውን ኩነታት ኣብ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎ ጽልዋ ብዕምቆት ዘተየ። ዝለዓለ ቱኽረት ሂቡ ዝተመያየጠሉ ዛዕባ፡ ህሉው ኩነታት ሃገርና ማለት፡ ኩነታት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፣ ኩነታት ህዝብታትና ኣብ ትሕቲ ጨካን ስርዓት-ምሕደራ ኢሳይያስን፡ ህልው ኣከዋውና ሓይሊ ተቓውሞ ኤርትራን ብዝምልከት እዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ናይ ሓደ ገባሪ ሓዳጊ ውልቀ-ሰብን እሙን መሳርሒኡ ዝኾነ ጉጅለን ብሕታዊ ዓብላልነት ዝሃነጸ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምቕጻል፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ ድማ ብፍላይ መወዳድርቲ ዘይብሎም ገበናት ኣብ ምፍጻም ከምዝርከብ ገምገመ። ንዓውዲ ቁጠባ ሃገርና ሙሉእ ብሙሉእ ገቢቱ፡ ኣብዝሓ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ቆፎ ህግደፍ ጥራሕ ዝጽበዩ ተመጽወቲ ክኾኑ ብምፍራድ፡ ንጥሜት፣ ቅሉዕ ልማኖን ሞትን ክሳጥሑ ዝፈረደ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ዞባናን በብእዋኑ ናብ ጽልእን ቅርሕትን ብምእታው፡ ህዝብታትና ኣብ ዓሚቕ ተነጽሎነትን ፍርሕን ክወድቁ ብምግባር ብጅሆ ሒዙዎም ምህላዉ ተገንዘበ፡፡ ካብ ዞባታት ደቡብ፣ ማእከልን ካልኦት ከባቢታትን ንገባራት ካብ ዓድታቶም ብዘይፍቶቶም፡ ናብ እኹል ቀረብ ዘይተዳለወሉ ቦታታት ብምግዓዝ ዘውረደሎም ምጉሱቛል፣ ጥሜት፣ ሕማምን ዳግማይ ስደትን ይቕረ ዘይበሃሎ ገበን ምዃኑ ዝገምገመ ማ/ሽማግለ፡ እዚ ምግዓዝ'ዚ ምስቶም ቀንዲ ነበርቲ ብምርድዳእ ዝተፈጸመ ብዘይምዃኑ፡ ኣብ ሞንጎ ህዝብታትና ጽልእን ቅርሕንትን ብምስዋር፡ ሓድነት ውጹዓት ህዝብታትና ብምልሕላሕ ኣቢሉ፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኮነ ኢሉ ዝፈጸሞ ስዉር ሜላ ምዃኑ ገምገመ።

ስርዓት-ኣገዛዝኣ ዲክታቶር ኢሳይያስ፡ ኣብ ዓዶም ምንባር ዓቕሎም ዘጽበበሎም፣ መጻኢ ዕድሎም ዝጸልመቶም ዜጋታት ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ወታደራት፣ ተማሃሮ፣ ሰራሕተኛታት፣ ዓበይቲ ሽማግለታት፣ ኣደታትን ህጻውንትን በብእዋኑ ብኣማኢት ዝቑጸሩ፡ መጻወድያታት ጸጥታዊ ትካላት ስርዓት ኢሳይያስ ዘውርደሎም መቕዘፍትን ማእሰርትን እናጠሓሱ ናብ ስደት ከምርሑ ዘገድዶም ዘሎ ስርዓት እዩ። ስለዝኾነ'ውን ህዝብን ሃገርን ንብርሰትን ምብትታንን ክቃልዑ ዝገብር ዘሎ፡ ካብ ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛእትና ዝኸፍአ ኣረሜናዊ ስርዓት ምዃኑ ብምግምጋም፡ ህጹጽን ተባዕን ፍታሕ ዝጠልብ ምዃኑ ኣመልከተ።

ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ንሓይሊ ተቓውሞ ኣመልኪቱ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም፡ ዓቕሚ ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርና ንህሉው ኩነታት ህዝብታትናን ኣብ ልዕሊኦም ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋን ዝመጣጠን ፍታሕ ንምቕራብ ኣብ ዘኽእሎ ደረጃ ብቕዓት ከም ዘይተሰጋገረ መዘነ፡፡ እቲ ኣዐርዩ ዘተሓሳስብ ድማ፡ ኣብ ሕድሕዱ ገና ካብ ድሑር መንፈስ ውድድር ምውጻእ ስኢኑ፡ መኸተኡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢና ፋሽስታዊ ስርዓት ክንዲ ዘቕንዕ፡ ናብ ህልኽ፣ ቅርሕትን ዘይምትእምማንን ዘምርሑዎ ኣንፈታት ተኸቲሉ ኣብ ምጉዓዝ ከም ዝርከብ ገምገመ፡፡ እዚ ኣንፈት'ዚ ተለኻኺምካ ናብ ውድቀት ክተምርሕ ዝገብር፡ ብምዃኑ፡ እንትርፈ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንመስርሕ ዲሞክራስያዊ ቃልስና፡ ቅንጣብ ፋይዳ ከምዘይርከቦ ምግንዛብ ከምዘድሊ ኣጽንኦት ሂቡ ኣተሓሳሰበ፡፡

ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ኣብ ክሊ ሓይሊ ተቓውሞ ከም ሰፊሕ ጽላል ዝረአ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን(ኤዲኪ)፡ ኣብ መስርሕ እናመዝገቦም ዝመጸ ሓደ-ሓደ ምዕባለታት ምህላዎም ዘይከሓድ'ኳ እንተኾነ፡ ግን ድማ ኣባላት ውድባቱ፡ ኣብ ኣረኣእያ፣ መልክዕ ውደባን ኣገባብ ቃልስን፡ መባእታዊ ስኒትን ምትእምማን ዘየውሓሱ ብምዃኖም፡ ኣብ ዓውዲ ሓባራዊ ቃልሲ ቀልቢ ህዝብታትና ዝስሕብ ጽላል ክኸውን ከምዘይበቕዐ ገምገመ። ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ሕጂ'ውን ተቓውሞ ህዝብታትና ብምጥርናፍ ዓቕምታቱ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክጸምድ እንተኾይኑ፡ ኣብ ዝተሓተ ሓባራዊ እምነታት ዝተሰረተ ጽላል ተቓውሞ(ኤዲኪ) ምህላው ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው ተናጊፉ ተጠናኺሩ ክቕጽል ምግባር፡ ኣድላይነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ኣስመረሉ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ኤዲኪ ዝረኣዩ ዘለዉ ሕጽረታትን በብእዋኑ ዘጋጥሙዎ ሓርጎጽጎጻትን፡ መበገሲኦም ብዕምቀት ተፈቲሾም፡ ኣባላት ውድባቱ ኣብ ዘሰማምዑዎም ሓባራዊ እምነታት ኣትኪሎም፡ ንቅዋሙ ተማእዚዞም ክቃለሱን ከቃልሱን ናይ ኩሉ ደላይ ለውጢ ኤርትራዊ ጻዕሪ ክሕወሶ ከምዝግባእ ኣመልከተ። ውድብና ካብ'ዚ መሰረታዊ እምነት'ዚ ብምብጋስ፡ ኤዲኪ ብቑዕ ናይ ተቓውሞ ጽላል ክኸውን ብዓቕሙ፡ ብዘይምሕላል እጃሙ ከበርክት ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋገጸ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ውሽጢ ኣባላት ውድባቱ ዘጋጥም ዘሎ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው፡ ከይስዕርር ብልዙብን ሰላማውን መንገዲ ኣብ ምፍታሕ ብሓላፍነት ክዓይን፡ ኣንጻር ጸቢብን ኣግላልን ኣተሓሳስባታት ክቃለስ፡ ንፖለቲካዊ ውሳኔታቱ ዝጣበቕ ጽላል ክኸውን ከምዝግባእ ኣተሓሳሰበ።

ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ንኩነታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ካብ ድሮ ውድባዊ ኮንፈረንስና ክሳብ ሎሚ እንታይ ከም ዝመስል ብስፍሓት ዘተየሉ። ማ/ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን፡ ካብ ጽባሕ ስምረታዊ ጉባኤ ግሃድኤ፡ ንህዝብታትና ዝኣተዉዎ መብጸዓታት ምትግባር ስኢኖም፡ ግሃድኤ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ብውሽጡ እናተሓመሰ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ጉዕዞ ሓድነት ብቑዕ ትምህርቲ ብዘይህብን፡ ንዝሓለፈ ተሞኩሮ ሰውራና ብዝደግም ጉጉይ ኣንፈት ኣተኣላልያ፡ ከም ስሙር ሓይሊ ህልውንኡ ብፍሽለት ከም ዘብቀዐ ገምገመ፡፡ እቲ በብዓቕሙን በብመንገዱን ክቃለስ ምርጫኡ ገይሩ ወሲዱ ዘሎ ሽነኻት ግሃድኤ ነበር፡ ንድሑር ቅርሕንትን መንፈስ ጽልእን ብዝገትእ፡ ንሓባራዊ ጉዳዩ ባዕሉ ተቐራሪቡ ክፈትሕን ካብ ተጠላሊፍካ ምውዳቕ መርሆ ክዕቀብን ኣተሓሳሰበ። ካብ ዘጋጠመና ፍሽለታት እኹል ትምህርቲ ብምቕሳም፡ መንፈስ ስኒትን ምክብባርን ብዘሐድስ፡ ኣብ ጉዕዞ ቃልስና ደገፍን ተኣማንነትን ህዝብታትና ዘረጋግጸልና ኣንፈት ምኽታል ቅኑዕን ብሕታውን ናይ ዓወት ኣማራጺ ምዃኑ ኣመልከተ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ውሽጢ ግሃድኤ ዝንጸባረቐ፡ ናይ ምትዕምማጽን ህልኽን ልምድታት ብምግታእ፡ ጥዑይ ሓባራዊ ናይ ቃልሲ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ኣወንታዊ ተርኡ ክጻወት ትጽቢት ከምዝግበረሉ ድማ ኣጽንኦት ሂቡ ኣተሓሳሰበ።

ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ንውድባዊ ኩነታትና ብዝምልከት፡ ኣብ ኮንፈረንስና ዝተመሓላለፉ ውሳኔታትን ዝተሓንጸጹ መደባትን መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓደ ዓመት ክካየዱ ዝጸንሑ ንጥፈታት ብዝርዝርን ብሰፊሑን ገምገመ፡፡ ሰደግኤ ኣብ ጭቡጥ ውድባዊ ዓቕምታቱ ተመስሪቱ፡ ውድባዊ ኮንፈረንስ ካብ ዘዕውት ንደሓር፡ ነቶም ካብ መሰረታዊ ዕላማታቱ ዝብገሱ ፖለቲካዊ እምነታት ንምዕዋት፡ ብዜናውን ፕሮፖጋንዳውን መዳይ ክካይዶም ዝጸንሐ ንጥፈታት፡ ዘተባብዑ ምዃኖም ገምገመ፡፡ ኣብ ውደባዊ መዳይ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዳግመ ምትዕርራይ ንምግባር ዝተኻየዱ ጻዕርታት ብምሙኳስ፡ ውድብና ብስጡም ዲሲፕሊን ዝተዓጥቀን ብተወፋይነትን ብብቕዓትን ዝዋስኡ፡ ንህልው ጽንኩር መድረኽ ብትብዓትን ተወፋይነትን ዝሰግሩ ኣባላትን ካድራትን ኣብ ምህናጽ ዓብይ ቃልሲ ኣብ ቅድሚኡ ከምዝጽበዮ ተገንዘበ፡፡ ውድብና ምስ ፖለቲካዊ ውድባትን ዝተፈላለዩ ኣካላትን ዝምድናታቱ ንምሕዳስ ዘካየዶ ጻዕሪ ብኣወንታ ዝረአ ኮይኑ፡ ምስቶም ብፖለቲካዊ ዕላማታት ዝቀራረቡዎ ውድባት፡ ዝምድናኡ ብስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ይኹን ናብ ዝላዓለ ሓድነት ንምስጋር ዝጀመሮ ጻዕሪ፡ ኣበርቲዑ ክቕጽሎ ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋገጸ። ብተወሳኺ ኣብ ሞንጎ ሓይሊ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ንሓባራዊ ገድላዊ ዕዮ ኣብ ጽኑዕ መሰረት ዝነድቕ፡ ናይ ምክብባርን ምጽውዋርን መንፈስ ዘጠናኽር፡ ፍቱሕ ናይ ዘተ ባህሊ ምምዕባል ዘለዎ ልዑል ተደላይነት ብምርዳእ፡ ኣበርቲዑ ክቕጽል ክምዝግባእ እምነቱ ኣቐመጠ።

ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ብመሰረት ውሳኔ ኮንፈረንስና፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ካብ ዓመት ክሳብ ዓመትን ፈረቓን ኣብ ዘለዉ እዋናት ክሰላሰል ዝተታሕዘ ዓብይ መደብ፡ ተግባራውነቱ ኣመልኪቱ ገምገመ፡፡ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ውድብና፡ ማ/ሽማግለ ብዝሃባ ሓላፍነት መሰረት፡ መደባታ ብንጹር ሰሪዓ፡ ንተግባራውነቱ ብንጥፈት ትንቀሳቐስ ብምህላዋ፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ዝተቐመጠሉ እዋን ክሰላሰል ከምዝኽእል ዘለዎ እምነት ኣረጋገጸ። 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ብቐንዱ ኣብ ጭቡጥ ዓቕሚ ኣባላትና ዝምስረት ብምዃኑ፡ ከም'ቲ ልሙድ ውድባዊ ጉባኤና ንምዕዋት ዘድሊ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ ጸወዐ፡፡ ምስ ውድብና ዝደጋገፉ ወገናትን ፈተውትናን ድማ፡ ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ምዕዋት ምድግጋፋቶም ከበርክቱ ጻውዒቱ ኣመሓላለፈ። ኣብ መደምደምታ፡ ማ/ሽማግለ፡ ክሳብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ዝፍጽሞም ዕማማት ብምስኣል፡ ካብ ውሽጡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት መሪጹ 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብዓወት ዛዘመ።

ማ/ሽማግለ ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡
ዕለት 10 ታሕሳስ 2009

# እዋናዊ ዜናታት

1. 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ሰደግኤ ካብ 04 ክሳብ 10 ታሕሳስ 2009 ኣብ ዝነበሩ መዓልታት ብዓወት ተሰላሲሉ፡፡ ማ/ሽማግለ ኣብ ኣኼባኡ ንህልው ዓለማውን ዞባውን ኩነታት፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎ ጽልዋ ገምጊሙ፡፡ ማ/ሽማግለ ፍሉይ ቴኽረት ሂቡ ዝዘተየሉ፡ ህልው ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ህግደፍን ዘሕልፉዎ ዘለዉ ዝሰቕቕ ሂወትን፡ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ነዚ ሓደገኛ ኩነታት ብብቕዓት ክገጥም ኣብ ዘይበቕዓሉ ዘሕዝን ሃለዋት ምህላዉ እዩ፡፡ እቲ ዜና ወሲኹ ከምዝሓበሮ፡ ኤ.ዲ.ኪ. ከም ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ዘመዝገቦም ኣወንታዊ ምዕባለታት እኳ እንተሃለዉ፡ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ውድባቱ ገና ዘይበለየ ውሽጣዊ ፍልልያት ብምህላዎም፡ ካብ ሕድሕድ ምንሕናሕ ከምዘይደሓኑ ምግምጋሙ ተፈሊጡ። ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ኣባል ኤዲኪ ኮይኑ ዝጸንሐ ግሃድኤ ኣብ ውሽጡ ብዘጋጠሞ ፖ`ለቲካዊ ቅልውላው፡ በብእዋኑ እናተመናንሀ ድሕሪ ምምጻእ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ክልተ ተገሚዑ ምህላዉ ብምንጻር፡ ህልው ኩነታቱ ብቕኑዕ ኣገባብ ፍታሕ ክረክብ፡ ጻዕርታት ክካይድ መጸዋዕትኡ ንኤዲኪ ኣቕሪቡ፡፡ ማ/ሽማግለ፡ ህልው ውድባዊ ኩነታቱን ድሕሪ ውድባዊ ኮንፈረንስ ዝሓዞም መደባትን ኣብ ምፍጻም ዘካየዶም ንጥፈታት ምግምጋሙን፡ ኣብ ዜናዊ መዳይ ዘተባብዕ ንጥፈታት ከምዘካየደ ብምርግጋጽ፡ ን5ይ ጉባኤ ክካየድ ዝጸንሐ ቅድመ ምድላው፡ ብጽፈት ይሰላሰል ብምህላዉ፡ ኣብ ዝተቐመጠሉ ዕለተ ሰሌዳ ከምዝጋባእ ዘለዎ እምነት ምርግጋጹ ዝረኸብናዮ ዜና ኣፍሊጡ፡፡ ኣብ መደምደምታ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ ሰደግኤ ካብ ውሽጡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክሳብ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝመርሖ ፖ`ለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት መሪጹ ኣኼብኡ ብዓወት ምጥቕላሉ ተፈሊጡ።

2. ቀዳማይ ጉባኤ ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ(ብዲግሓሳኤ) ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ታሕሳስ 2009 ብዓወት ከምዝተሰላሰለ ዝመጸና ዜና ኣፍሊጡ፡፡ ቀዳማይ ጉባኤ ብዲግሓሳኤ፡ ኣብ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ውዕሎኡ፡ እቲ ውድብ ዝምራሓሉ ፖ`ለቲካዊ መደብ ዕዮን ውድባዊ ሕገ ህንጻን ብምጽዳቕ፡ ውድብ ዝመርሑ 17 ኣባላት ኣመራርሓ መሪጹ ብዓወት ከምዝተዛዘመ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣመልኪቱ። ብዲግሓሳኤ፡ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ሳሆ ዝቖመ ውድብ ምዃኑ፡ ምስ ካልኦት ብሄራዊ ውድባትን ናይ ብሄራት መሰል ርእሰ ውሳኔ ክረጋገጽ ምስ ዝኣምኑ ዲሞክራስያዊ ሓይልታትን ተቐራሪቡ ብኩሉ-መዳያዊ ቃልሲ ንስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ክቃለስ ከምዝተዳለወ ወሲኹ ዝመጸና ሓበሬታ ኣመልኪቱ። ኣብ ጽባሕ ዕዉት ጉባኤኡ ድማ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ኮሚቴ ብምስልሳል ብዓወት ከምዝዛዘመ ተረጋጊጹ። ብሄራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ሳሆ ኤርትራ(ብዲግሓሳኤ)፡ ነቲ ብሕሱም ብሄራውን ሃይማኖታውን ጭቆና ክሳቐ ዝጸንሐን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብሓይሊ ካብ ዓድታቱ ክመዛበልን ኣብ ልዕሊኡ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ዘንጸላልዎ ዘሎ ውጹዕ ህዝቢ ብሄረ ሳሆ፡ ብሄራዊ ሓድነቱ ኣዕቍቡ፡ ተጠርኒፉ ምእንቲ መሰሉን ማዕርነቱን ክቃለስን ዲሞክራስያዊ ተርኡ ክጻወትን ትጽቢት ተነቢሩሉ ምህላዉ ተፈሊጡ።

3. ካብ 10 ክሳብ 12 ታሕሳስ 2009 ግዝያዊ መሪሕነት ሆደ ሙርቋ ብሊን ንመጀመርያ ጊዜ ናይ ሓባር ኣኼባ ከምዘሰላሰለ ተፈሊጡ፡፡ ግዝያዊ መሪሕነት፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ደቂ ብሄረ ብሊን ኩነታት ውድቦም ክፈልጡ ዘለዎም መሰል ብምርግጋጽ፡ ውድቦም ንዘካይዶ ምንቅስቓሳት ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ከምዝግባእ ኣመልኪቱ፡፡ ጊዝያዊ መሪሕነት ብተወሳኺ፡ ህዝቢ ብሄረ ብሊን በቲ ናይ ቅድም ኣገባብ ቃልሲ፡ ብሄራዊ መሰሉን ማዕርነቱን ከውሕስ ከም ዘይክእል ብምርዳእ፡ ብብሄራዊ መልክዕ ተወዲቡ፡ ንመሰሉን ማዕርነቱን ካብ ምቅላስ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይብሉ ኣስሚሩሉ ከምዝሓለፈ ተረጋጊጹ፡፡ ጊዝያዊ መሪሕነት ሆደ ሙርቋ ብሊን፡ ህዝቢ ብሄረ ብሌን ምስ ካልኦት ውጹዓት ብሄራትን ዲሞክራስያውያን ተቓለስትን ተኣሳሲሩ፡ ኣብ ኤርትራ ፍትሒ፣ ማዕርነትን መሰልን ንምርግጋጽ ከይተሓለለ ከምዝቃለስ ምርግጋጹ ዝመጸና ዜና ኣረጋጊጹ፡፡ ጊዝያዊ መሪሕነት ሆደ ሙርቋ ብሌን፡ ውጽኢት ናይ'ቲ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ከተማ ባዝል፡ ካብ 30 ጥቅምቲ ክሳብ 01 ሕዳር 2009 ዝተኻየደ ዘተ ምዃኑ እቲ ዝበጽሓና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ።

4. ፈጻሚት ቤት-ጽሕፈት ኤ.ዲ.ኪ. ንኩነታት ግሃድኤ ኣመልኪቱ ውሳኔ ንምምሕልላፍ ካብ 19 ክሳብ 21 ታሕሳስ 2009 ህጹጽ ኣኼባ ከም ዘሰላሰለ ተገሊጹ፡፡ ፈጻሚት ቤት-ጽሕፈት ኣብ ኣኼኡ፡ ነቲ ብኣቶ ኣሕመድ ናስር ዝምራሕ፡ ካብ ሕሉፋት ድኽመታቱ ክመሃር ዘይከኣለ ሸነኽ ግሃድኤ ብምውጋን፡ ኣባልነቱ ኣብ ኤዲኪ ክቕጽል ክቕበሎ እንከሎ፡ ነቲ ብኣቶ ዑስማን ሹም ዝምራሕ ካልእ ሸነኽ ግሃድኤ ግን፡ ብሽም ፖ`ለቲካዊ ፍታሕ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምቕማጥ፡ ብዝተለመደ፡ ኣግላልን ኣድላውን ስርዓት-ኣወሳስናኡ ኣቢሉ፡ ኣባልነቱ ካብ ኤዲኪ ከምዝሰረዞ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣመልኪቱ፡፡ ፈጻሚት ቤት-ጽሕፈት ኤዲኪ "ክትበልዓ ዝደለኻ ኣባ-ጉምባሕ ዛግራ በላ" ብዝብል ፈሊጥ እናተመርሐ፡ ንዘይደልዮም ሸነኻት ከግልል፡ ንዝደለዮም ድማ ቅዋም ካብ ዝሃቦ ስልጣን ወጻኢ ኣጸባቢቑ ክቕበል ልሙድ ባህሪኡ ኮይኑ ምምጽኡ ይፍለጥ።

5. ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት፡ ኣብ ናይ 23 ታሕሳስ 2009 ውዕሎኡ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ማዕቀብ ከምዝበየነ ተፈሊጡ፡፡ እዚ ማዕቀብ'ዚ ብኡጋንዳ ዝተዳለወ ንድፊ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዝኾና ሃገራት ነዊሕን ኣህላኽን ምምኽካር ክካየደሉ ድሕሪ ምጽናሕ እዩ፡ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ፡ ብዘይ ሃገረ ሊብያ ዘስማዓቶ ተቓውሞን ናይ ቻይና ተዓቕቦን፡ ብካልኦት ሙሉእ ደገፍ ረኺቡ ዝጸደቐ ምዃኑ ተፈሊጡ'ሎ፡፡ እቲ ዜና ወሲኹ ከምዘረጋገጾ እዚ ናይ ማዕቀብ ብይን፡ ካብ-ናብ ኤርትራ ናይ ኣጽዋር ምጉዕዓዝ ከይግበር ዝኽልክል፡ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ወታሃደራዊ መራሕቲ ድማ ብፍላይ ምንቅስቓሶም ምእጋድ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ገንዘብን ንብረትን ምድስካል፡ እዚ ድማ ነቲ ብውልቀ ሰባት ስም ዘሎ ትካላትን ዘጠቓልል ከምዝኾነ ተፈሊጡ፡፡ እዚ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ከቢድ ማህሰይቲ ከምዘውርድ ዝተኣመነሉ ማዕቀብ፡ ውጽኢት እቲ ጸረ ሰላምን ዓንዳርን ባህርያት ኢሳይያስን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሶማል ድማ ብፍላይ፡ ሰላምን ምርግጋእን ሰፊኑ፡ ማእከላይ መንግስቲ ንምቛም ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ንምዕንቃፍ ዝዓለመ፡ ንእስላማውያን ኣኽረርቲ ኣጽዋር ክቀባብልን ክሰልጥንን ብምጽናሑ ዝሰዓበ ምዃኑ ተፈሊጡ። ኣባላት ኣፍሪቃ ሕብረት ዝኾና መንግስታት፡ ብደረጃ መራሕተን ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ሊብያ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል ኢዳ ኣእትያ፡ ሰላም ንምዝራግ እተካይዶ ዘላ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ብምኹናን፡ ኣብ ልዕሊኣ ብጸጥታ ቤት ምኽሪ ማዕቀብ ክብየና ዘመሓላለፎ ተሪር መተሓሳሰቢ፡ ተኸቲሉ ዝመጸ ምዃኑ ተፈሊጡ፡፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ እዚ ኣብ ልዕሊኡ ወሪዱ ዘሎ ናይ ማዕቀብ ብይን፡ ከይመሓላለፍ

ዝተፈላለዩ ጻዕርታት እኳ ክካይድ እንተጸንሐ፡ ክይሰመረሉ ክምዝተረፈን፡ ኣብ ልዕሊኡ ሰፍ ዘይብል ፖሎቲካውን ዲፕሎማስያውን መጽፋዕቲ ከምዝወረዶ ዘመልክት ምኻኑ ተረጋጊጹ።

6. ፓርላማ ሕብረት ኣውሮጳ ንመንግስቲ ኤርትራ ክህቦ መዲብዎ ዘጸንሐ ገዚፍ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ብሰንኪ'ቲ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ክበጽሖ ዝጸነሐ ሓያል ተቓውሞን ምሕጽንታታትን ነቲ መደብ ከም ዝሰረዞ ኣፍሊጡ፡፡ ፓርላማ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ልምዓታዊ መደባት ኤርትራ ንምምዋል ገዚፍ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንመንግስቲ ኤርትራ ንምሃብ ድሕሪ ዘሕለፎ ውሳኔ፡ ንግብራውነት ናይ'ቲ ውሳነ፡ ብፊርማ ፕረዚደንት ኣውሮጳዊ ሕብረት ክጸድቕ ክጽበ ምጽንሑ ዝዝከር'ዩ፡፡ ኣብ ከም'ዚ መስርሕ እናሃለወ'ዩ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት እዚ ሓገዝ'ዚ ኣብ ዝግባእ ማዓልኡ ስለዘይውዕል ብምግሃስ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ንዝልለ ስርዓት ህግደፍ ክወሃቦ የብሉን ብዝብል፡ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ኣህጉራዊ ትካላት፣ ተቓውምቲ ውድባት ኤርትራ፣ ሲቪክ ማሕበራትን ኣገደስቲ ውልቀ-ባእታታትን ብዘካየድዎ ሓያል ዝተወሃሃደ ተቓውሞ፡ ፓርላማ ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክህቦ ንዝመደቦ ኣስታት 35 ሚልዮን ዩሮ ሓገዝ ከም ዘቋረጾ ብዕሊ ኣፍሊጡ፡፡ ብመሰረት'ቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ እዚ ሓገዝ'ዚ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምርግጋጽ ንዝነጥፉ ዘለዉ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን ንክወሃብ ጻውዒት ቀሪቡ ምህላዉ'ውን ተፈሊጡ፡፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ በዚ ካብ ሕብረት ኣውሮጳ ክመንጭዎ ዝሓሰበ ሓገዝ ኣቢሉ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ንምድልዳል ዝሕግዙዎ መደባት ንምትግባር ኣንቢሩዎ ዝጸነሐ ተስፋ ኣብ ርእሲ ምህኳጉ፡ በዚ ዘይተጸበዮ ገዚፍ ውቕዒት'ዚ ኣብ ውሽጢ ፖለቲካዊ ማይቤቱ ክይተረፈ ዓብይ ስንባደን ገዚፍ ናዕታን ፈጢሩ ምህላዉ ምንጭታትና ሓቢሮም፡፡

ቅኑዕ መስመርን ሓቕን ሒዝና
ክንዕወት ኢና!!